# ግብራዊ ምኽርታት ንምድላይ ስራሕ ኣብ ፈረንሳ

**ኣብ ፈረንሳ ክትነብሩን ክትሰርሑን ደሊኹም። ማእከል ስራሕ (Pôle Emploi) ሃገራዊ ውድብ ናይ ህዝባዊ ኣገልግሎት ናይ ፈረንሳ ስራሕ ኮይኑ፡ ኣብ እትገብርዎ ጻዕርታት ክሕግዘኩም ይኽእል ኢዩ።**

## ምዝገባኹም

ምዝገባ ናብቲ ማእከል ስራሕ ብኢንተርነት ኣብቲ www.pole-emploi.fr. ዝብል ዌብሳይት ኢዩ ዝግበር። ኣብዚ ተግባር እዚ ሓደ ቀረባ ዘመድ ወይ ማሕበር ክሰንየኩም ይኽእል ኢዩ። ኣብቲ ናትኩም ወኪል ኮምፒዩተራት ኣለዋ፡ እቶም ኣማኸርቲ ድማ ደገፍ ክምጽኡልኩም ይኽእሉ ኢዮም።

ዜጋ ናይ ኤውሮጳዊ ሕብረት (EU)፡ ኤውሮጳዊ ቁጠባዊ ዞባ (EEA)፡ ስዊዘርላንድ፡ ሞናኮ፡ ኣንዶራን ሳን ማሪኖን እንተዀንኩም፡ ነቲ ዕዳጋ ዕዮ ናይ ምእታው ዕድል ኣለኩም በቲ መለለዩ መንነትኩም ድማ ክትምዝገቡ ትኽእሉ ኢኹም።

ዜጋ ናይ ካልእ ሃገር እንተዀንኩም፡ በቲ ክትሰርሑ ዘፍቀደልኩም ኣውራጃ ዝተዋህበኩም መንበሪ ሰነድ ከድልየኩም ኢዩ። ኣብ ናይ ብቕዓት እዋኑ ክህሉ ኣለዎ።

ኣብ መወዳእታ ናይቲ ናይ ኢንተርነት ምዝገባ፡ ምስ ሓደ ኣማኻሪ ንክትራኸቡ ቆጸራ ትሕዙ።

ናይ ምዝገባ ወኪልኩም ኣብ ኣድራሻኹም ይምርኮስ።

### ምዝገባኹም ነዚ ዝስዕብ ክትገብሩ የኽእለኩም፡

- ንኣገልግሎታት ናይ ማእከል ስራሕ ኣብ ወኪላትን ኣብቲ ዌብሳይት www.pole-emploi.fr ንክትጥቀሙሎም የኽእለኩም
- ኣብ ናይ ስራሕ ድልያኹም ንክትስነዩን ምኽሪ ንክትረኽቡን
- ኣብ ናይ ስራሕ ድልያኹም ገለ ገንዘባዊ ሓገዝ ክትረኽቡ ክትክእሉ

### ምዝገባኹም ነዞም ዝስዕቡ መብጽዓታት የእትወትኩም፡

•ነፍሲ ወከፍ ወርሒ ገና ስራሕ ትደሊ እንተሊኻ ኣመልክት ("ንኩነታትካ ግዝያዊ ምግባር")

• ኣብ ኩነታትኩም ዝኾነ ለውጢ ምስ ዝህሉ ንማእከል ስራሕ ሓብሩ፡ ንኣብነት ናይ ሕማም ዕርፍቲ፡ ምቕያር ቦታ፡ ...

•ኣብ ኩሉ ኣኼባታት ናይ ማእከል ስራሕ ተረኽብ

• ስራሕ ንምርካብ ስጉምታት ውሰዱ ምስ ሞያዊ ፕሮጀክትኹም ንዝሳነዩ እማመታት ድማ ተቐበሉ

## ቆጸራታትኩም ምስ ኣማኻሪኹም

### ኣማኻሪኹም ኣብቲ ስራሕ ንምድላይ እትገብርዎ ጻዕርታት የሰንየኩም።

ኣብ ድሌታትኩም ብምምርኳስ፡ ኣማኺሩኹም ነቲ ሞያዊ ፕሮጀክትኹም ንክትገልጽዎ፡ ንክተዳልውዎን ኣብ ግብሪ ንክተውዕልዎን ክሕግዘኩም ኢዩ።

ነዚ ድማ፡ ብዛዕባ እቲ ዕዳጋ ዕዮ፡ ንግድታትን ብቕዓታትን ሓበሬታ ይህበኩም።

ኣብ ግዜ ቃለ-መጠይቓትኩም፡ ነቲ ዕላማታትኩም ንምውቃዕ ንዘድልየኩም ስጉምትታት ትገልጽዎ።

ነቲ ሪፓብሊካዊ ምውህሃድ ምስ OFII ውዕል ፈጺምኩም እንተሊኹም፡ ምስ ኣማኻሪኹም ተዘራረቡ።

### ሓያሎ ዓይነታት ርክብ

- ብኣካል ዝግበር ርክባት ኣብ ናይ ከባቢኹም ወኪል ኣብ ልዕሊ እዚ ናይ ቪድዮ-ዋዕላታት ውን ኣሎ።
- ብመይል ናይ ምርኻብ ተኽእሎ፡ እዚ ኣብ ውሽጢ 72 ሰዓታት መልሲ ከም እትረኽቡሉ ርጉጽ ኢዩ።
- ኣብ ዝደለኹሞ ናይ ቴሌፎን ጻውዒታት።

### እንታይ ክትፈልጡ ኣለኩም

• ኣብ ዓመት ን35 መዓልታት ከተብኩሩ ትኽእሉ ኢኹም፡ ብኩራትኩም ንኣማኻሪኹም ሓብሩ።

• ኣብ ናይ ሕማም ዕርፍቲ እንተሊኹም፡ ኵነታት ኣብ እተሕድሱሉ ግዜ ብዛዕባ ብኩራትኩም ሓብሩ። ብኩራትኩም ካብ 15 መዓልቲ ዝዛይድ እንተኾይኑ ወይ ኣብ ናይ ኣደነት ዕረፍቲ እንተሊኽን፡ ኣብ ምውዳእ ናይ ምቁራጽኩም ከም ብሓድሽ ክትምዝገቡ ከድልየኩም ኢዩ።

## ዝርከብ ኣገልግሎታት

ኣማኻሪኹም ከመኽረኩምን ናብቶም ምስ ድሌታትኩምን ምስ ናይቲ ቋንቋ ደረጃ ክእለትኩምን ቀንዲ ዝሰማማዕ ኣገልግሎታት ክመርሓኩምን ኢዩ።

እቶም ኣገልግሎታት ኣብ ወኪልኩም ወይ ድማ ኣብ መንጎ መሻርኽትና ይርከቡ። ገሊኦም ኣብ ኢንተርነት ኣብቲ [www.pole-emploi.fr](http://www.pole-emploi.fr) ዝብል ዌብሳይት ወይ ኣብ መኽዘን ስራሕ፡ [www.emploi-store.fr](http://www.emploi-store.fr) ይርከቡ።

### ኣማኻሪኹም ንኣብነት ምናልባት እዚ ዝስዕብ ክቕርበልኩም ይኽእል፡

- ✓ ነቲ ኣብ ኢንተርነት ዝርከብ ***ዕዳጋ ዕዮ ክትፍትሹ፡*** ሓበሬታ ብዛዕባ ንግድታት ምሃብ፡ ብዛዕባ እቶም ኣብ ዞባኹም ዝዓብዩ ዘለዉ ጽላታት ምፍላጥ፡
- ✓ ***ንሞያዊ ፕሮጀክትኹም*** እትሃንጹሉ ኣገልግሎታት፡
- ✓ ***ግምገማ ናይ ክእለታትኩምን ሞያዊ ፍልጠትኩምን፡*** ንጥፈታት ናይቲ ተገሚቱ ዘሎ ስራሕ ምስ ክእለታትኩም ዝሳነዩ ምዃኖም ንምልላይ ወይ ክትድልብዎ ዘለኩም ፍልጠት ንምልላይ፡
- ✓ ***ምእታው ናብ ሓደ ስራሕ*** ንሓያሎ መዓልታት፡ ሓደ ዝቖጽር ንግዲ ወይ ጽላት ንምልላይ፡ ሞያዊ ፕሮጀክትኹም ንምርግጋጽ ወይ ድማ ናብ ምቁጻር ስራሕ ገጽኩም ቀዳማይ ስጉምቲ ንምውሳድ፡
- ✓ ሓደ ***ሞያዊ ስልጠና*** ነቶም ዝጎድልኹም ክእለታት ንምምዕባል፡
- ✓ ***ምርግጋጽ ናይ ዝተደለበ ሞያዊ ተሞክሮ***፡ እንተውሓደ ሓደ ዓመት ሞያዊ ተሞክሮ ከም ዘለኩም ከተረጋግጹ እንተኽኢልኩም፡ VPE ቅቡል ዲፕሎማ ክትረኽቡን ጉዕዞኹም ከተውሕሱን የኽእለኩም፡
- ✓ ብዛዕባ ***ምምስራት ትካላት*** ዝሕብሩኹም ዓውደ መጽናዕትታት፡
- ✓ ከምኡ ውን ብዙሓት ካልኦት ኣገልግሎታት ንናይ ስራሕ ድልያኹም ንምውዳብ፡ ነተን ዝቖጽራ ትካላት ንምርካብ፡ ንምምልካት መሳለጥያታትኩም (ዝርዝር ተሞክሮኹምን ናይ ድርኺት ደብዳቤኹምን) ንምቕራብ ወይ ተምስሎ ናይ ቃለ-መጠይቓት ንምፍታን።

## ምምሃር ቋንቋ ፍሬንች

### ምልምማድ ፍሬንች ንሞያዊ ምእታውኩም ኣብ ምስላጥ ኣገዳሲ ኢዩ።

ብዛዕባ ሓደ ውዕል ናይ ሪፓብሊካዊ ምውህሃድ ስክፍታታት እንተልዩኩም፡ ምናልባት እቶም ናይ ፍሬንች ናይ ስልጠና ክፋላት ኣብ ግምገማ ናይ ዘለኩም ደረጃ ፍልጠት ናይ ፍሬንች ተሞርኪሶም ዝተኣመሙ ክኾኑ ይኽእሉ ኢዮም። ንኣማኻሪኹም ብዛዕባ ገስጋስ ናይ ስልጠና መደብኩም ሓብርዎ።

ዲጂታል ክትጥቀሙ ይምችኣኩም እንተኾይኑ፡ ኣብ ኢንተርነትን ኣብቲ መኽዘን ስራሕን ነጻ ኣገልግሎታት ኣለዉ፡

### ንምጅማር

“መባእታዊ ፍሬንች ተመሃሩ” ዝብል ኣብ ኢንተርነት ዝወሃብ ትምህርቲ ናብ ኣርባዕተ ቋንቋታት (እንግሊዝኛ፡ ዓረብኛ፡ ፓሽቶን ዳሪን) ተተርጒሙ ጀመርቲ ኣብ ፍሬንች ሓደ ቀዳማይ ደረጃ ንክበጽሑ ድሌታቶም ንከማልእ ተቐሪቡ ኣሎ።

ንመሰረታት ናይ ቋንቋ ፍሬንች ንክትሕዙ ኣብ 6 ሰሙናት ዝተዘርግሐ ናይ 30 ሰዓታት ጉዕዞ ተኣሚሙልኩም ኣሎ፡ ቀለልቲ ቃላት ናይ መዓልታዊ ህይወት፡ ቁጽራዊ ሓበሬታ ምንባብ፡ ቃላትን ኣሃዛትን ምቕዳሕ፡ ንዝተፈላለዩ ጽሑፋት ምልላይ።

**ብመንገዲ ማእከል ስራሕ ኣብ ኮምፒዩተር፡ በላሕ-ቴሌፎን (smartphone) ወይ ታብሌት ክርከብ ይኽእል።**

ኣብ በላሕ-ቴሌፎን (smartphone)ን ታብሌትን ክሰርሕ ዝኽእል ኮይኑ፡ እዚ **ደረጃ ብደረጃ ዝሰርሕ ኣፕሊኬሽን ሳላ ምውህሃድ** ስእልታትን ድምጺን ጠቕምቲ መግለጺታት ናይ መዓልታዊ ህይወት ንከትዕቅቡ፡ በቶም ኣብ መወዳእታ ናይ ነፍሲ ወከፍ ደረጃ ዝተኣመሙ ንጥፈታት ንከትላመዱ፡ ነቲ ቃላት ደጊምኩም ክትርእይዎ የኽእለኩም።

ኣብ መድረኻት IOSን Androidን ክወርድ (download) ዝኽእል።

**ንምዕባለኹም፡**

ኣብቲ ዓመት ካልኦት ብኢንተርነት ዝወሃቡ ትምህርታት ውን ይእመሙ ኢዮም፡ ኣብቲ www.fun-mooc.fr ዝብል ዌብሳይት ክትረኽብዎም ኢኹም።

ከምኡ ውን እቲ ንሓፈሻዊ ደረጃ ናይ ፍሬንች ክእለትኩም (ዝተዘርበን ዝተጻሕፈን ምርዳእ) ንምፍታንን ኣብ ከም ንግዲ ሆቴላትን ቱሪዝምን ጥዕናን ዝኣመሰሉ ሞያዊ ኩነታት ንምልከት ናይ ቋንቋ ፍሬንች ንምሕያል፡ ኣብ መኸዘን ስራሕ ዝርከብ **French 3.0** ዝተባህለ ኣፕ ኣለኩም።

## እቲ መኸዘን ስራሕ

**መኸዘን ስራሕ ብማእከል ስራሕ ዝተፈጥረ መድረኽ ኮይኑ ኣብ ኢንተርነት ብዙሓት ኣገልግሎታት ይቕርብ፡** እዞም ኣገልግሎታት ሞያ ንምምራጽ፡ ንስልጠና፡ ተወዳዳርነትኩም ንምቕራብ፡ ትካል ንምፍጣርንን ሞያውያን ንምርካብን ይሕግዙኹም፡

- ✓ ኣብ ታብሌት ወይ በላሕ-ቴሌፎን (smartphone) እትጥቀሙሎም ኣፕሊኬሽናት፡
- ✓ ቁምነገር ዘለዎም ጸወታት፡ እንዳተጻወትኩም ንክትመሃሩ፡
- ✓ ኣብ ኢ-ትምህርቲን ኣብ MOOCን (ንኹሉ ክፉት ዝኾነ ናይ ኣብ ኢንተርነት ዝወሃብ ትምህርታት) ምስልጣን፡ ኣብ ፍሬንች ምግስጋስ ወሲኽካ

**መራኸቢና ኣብ http://www.emploi-store.fr**

### "ውልቃዊ ቦታኹም" ኣብ WWW.POLE-EMPLOYMENT.FR ይርከብ

**ኣብ እዋን ምዝገባኹም፡ ንውልቃዊ ቦታኹም ትፈጥርዎ። ሓያሎ ተግባራት ንክትገብሩ የኽእለኩም፡**

ብዛዕባ እዞም ዝስዕቡ ሓበሬታታት ተወከሱ፡

- ✓ ቆጸራታት ምስ ኣማኻሪኹም፡
- ✓ ብማእከል ስራሕ ዝስደዱ ደብዳቤታት።

ነዚ ዝስዕብ ንዓና ብምሕባር ፋይልኩም ኣሕድሱ፡

- ✓ ነፍሲ ወከፍ ወርሒ ከም ኣመልካቲ ናይ ስራሕ ዘሎኹሞ ኩነታት ("ኣሕድሱ")። ግዴታዊ ኢዩ።
- ✓ ኣብ ውልቃዊ ኩነታትኩም ዘሎ ለውጥታት፡ ኣብ ሕማም፡ ናይ ኣደነት ዕርፍቲ ወይ ኣብ ስልጠና እንተሊኹም።
- ✓ ለውጥታት ናይ መኣዝንኩም፡ ብፍላይ ትግዕዙ እንተሊኹም። ካብ ሕጂ ንንየው ኣብቲ ዝነበረኩም ወኪል ዘይትምርኮሱ እንተኼንኩም፡ ሓደ ሓድሽ ኣማኻሪ ክቐበለኩም ኢዩ።

ናብ ማእከል ስራሕ ሓበሬታ ኣመሓላልፉ፡

- ✓ ነቶም ሰርቲፊኬታት ብምውራድ ስደድዎም፡
- ✓ ኣብ ሓደ ቆጸራ ዘይትርከቡ እንተኼንኩም ነቲ ማእከል ኣጠንቅቕዎ
- ✓ ፋይናንሳዊ ሓገዝ ሕተቱ

ናይቲ CV ዝብል ኣገልግሎት ተጠቀሙ ናይ ስራሕ ሕቶታት ድማ ተቐበሉ፡

- ✓ ንስኻትኩም ብትካላት ንክትፍለጡ ንናትኩም CV ክትዝርግሕዎ ትኽእሉ፡
- ✓ ትካላት ናይ ስራሕ እማመታት ብቐጥታ ክሰዳልኩም ይኽእላ ኢየን፡
- ✓ መዓልታዊ ብኢመይል ነቶም ምስ ብቕዓትኩም ዝኸዱ ሕቶታት ስራሕ ንምቕባል ኣብ 5 ዝተፈላለዩ ዓይነታት ስራሕ ክትምዝገቡ ትኽእሉ

**ዝያዳ ንምፍላጥ**

**ንኩሎም እቶም ኣገልግሎታት ናይ ማእከል ስራሕ (pole emploi) ንክትረኽብዎም**

**www.pole-emploi.fr&www.emploi-store.fr**